<u>*TIGRIGNA*</u>

# 2007-2008 ናይ ምቕያር ይግባይ ኣገባብ
# ሕቶን መልስን

SEATTLE
PUBLIC
SCHOOLS

*እዚ ሓበሬታ ካብ መስከረም 17, 2007 ስጋብ ሰነ 2008 ዘሎ ናይ ትምህርቲ ዓመት ንዘሎ ናይ ትምህርቲ ምደባ ዝምልከት እዩ።*

## ብዛዕባ ናይ ውላደይ ምደባ ሕጉስ ኣይኮንኩን እንትይ ክገብር ይኽእል ?

ብቐዳምነት ክትገብርዎ ዝግብኣኩም ምስ ናይ መመዝገቢ ማእከላት ወይ ድማ ናይ ባይሊንጓል ቤተሰብ ቤት ጽሕፈት ተራኺብኩም ብዛዕባ ንዓኹም ዝምልከት ክህልወኩም ዚኽእል ኣማራጽታት ምፍላጥ እዩ። እቲ ፍታሕ ምናልባት ከምቲ ኣብቲ እዋን ዘሎ ናይ ወርሓት ግዜን ኩነታትን ናብ ካልእ ምደባ ብምግባር ወይ ድማ ኣብ ናይ ተጸባበይቲ ዝርዝር ለውጢ ብምግባር ክርከብ ይኽእል ይኸውን። ከምቲ ልሙድ ናይ ኣመዳድባ መምርሒ መሰረት፡ እቶም ዘለው ኣማራጺታት ነቲ ዝድለ ውጽኢት ዘየምጽአ እንተኾይኑ “ ብዛዕባ ሙጉትን ይግባይን ዝተጻሕፈ ሓጺር መምርሒ ስለዘሎ ኣንብብዎ ወይ ድማ ብዛዕባ ናትኩም ጉዳይ ብዝበለጸ ዝምልከቶ ኣየናይ ኣገባብ ከምዝኾነ ንምፍላጥ ምስ ናይ መመዝገቢ ማእከላት ሰራሕተኛታት ተራኸቡ።

## ከምቲ ንዓይ ዝመስለኒ እቲ ናተይ ድልየት ክቕየረለይ እዩ- እሞኸ ሕጂ እንታይ ክገብር ?

ብዛዕባ ናይ ምቕያር ጥርዓን ኣገባብ እንተመሪጽኩም ካብ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርት መርበብ ኣድራሻ [www.seattleschools.org](http://www.seattleschools.org) ጥርዓን/ ምቕያር ናይ ይግባይ መሕተቲ ቅጥዒ ብምርካብ ወይ ድማ ካብዞም ቀጺሎም ዘለው ኣድራሻታት ፤ ማለት ካብ ናይ መመዝገቢ ማእከላት፣ ናይ ባይሊንጓል ናይ ቤተሰብ ማእከል ወይ ድማ ካብቲ ዝተመደቡሉ ቤት ትምህርቲ ብምርካብ ነቲ መምርሒ ኣንቢብኩምን ብምምላእን(ዶኩመንት እንተኣድልዩውን ኣተሓሒዝኩም) ብቐጥታ ናብቲ ውላድኩም ዝተመደበሉ/ትሉ ቤት ትምህርቲ ሃብዎም። ከምኡውን ቆጸራ ሒዝኩም ብዛዕባ እቲ ዘተሓሳሰበኩም ነገራት ምስቲ ኣመሓዳሪ ተዘራረቡ።

## ምስቲ ኣመሓዳሪ ንምዝርራብ ትብዓት ኣይስምዓንን- ምስ ካልእ ሰብዶ ክዘራረብ ይኽእል ?

መብዛሕቲኡ ጊዜ እቲ ኣመሓዳሪ ካልእ ሰብ ምሳኹም ኪዛረብ ኪገብር ይኽእል እዩ። ንኣብነት ምስቲ ተሓጋጋዚ ኣመሓዳሪ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣማኻሪ ወይ ድማ ናይ ቤተሰብ ሓጋዚ ኪኸውን/ክትከውን ይኽእል እዩ።

## ውላደይ ንኽቕየር ወይ ከይቕየር እቲ ኣመሓዳሪ ይውስን ድዩ ?

<u>ኣይውስንን።</u> እቲ ኣመሓዳሪ ብዛዕባ እቲ ጥርዓን ኣይውስንን። እቲ ኣመሓዳሪ  ብዛዕባ ነቲ ንጥርዓን ዘድልይ ፈለማዊ ደረጃ ከጠናቕቕ ሓላፍነት ኣለዎ/ዋ። ኣብቲ ዝተመደበሉ/ትሉ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ (ገለገለ እዋን) ኣብቲ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ናይ ተመሃራይ ጣልቃ መደብ(ኢንተርቬንሽን ፕላን) ዘለዎ/ዋ ርእይቶ ኪህብ/ክትህብ ኪሕተት/ክትሕተት ይኽእል እዩ/እያ።

## ብዛዕባ ናይ ምቕያር ይግባይ ሕቶይ ድኣ መን ይውስን ?

ብናይ ቤት ትምህርቲ ደረጃ ዘይተፈትሑ ናይ ጥርዓን ሕቶታት ዝተፈላለዩ ብዓል ሙያታት ከም ( ናይ ፍሉይ ትምህርቲ፣ድሕነትን ጸጥታን፣ ናይ ምዝገባ፡ ከምኡውን ናይ ሓለዋ ጥዕና ኣገልግሎታት) ናብ ዝርከቡሉ ናብ ማእከላዊ ምምሕድዳር ቤት ጽሕፈት ንውሳነ ይለኣኽ። ናይ ትምህርታዊ ዳይሬክተራት ምስ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣመሓደርቲ ኮይኖም እቲ ክግበር ዘለዎ ኩሉ ኣገባብ ብናይ ቤት ትምህርቲ ሸነኽ ከምተራእየን ብዛዕባ ፍታሕ ክርከበሉ ዚኽእል መገድታት ኣብ ምድላይ ንምሕጋዝ ጻዕሪ ይገብሩ። ካብቲ ርእይቶኡ ዚህብ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣመሓዳርን ብዛዕባ ናይቲ ጥርዓን ውሳነ ዝግምግብምን ሓገዝ ዝገብርን ናይ ትምህርቲ ዳይሬክተር ብተወሳኺ ኣብቲ ናይ ነፍስ ወከፍ ተመሃራይ ዝቐረበ ኩነታት መሰረት ብምግባር እቲ ውሳኔ ይውሃብ።

## እቲ ዘቕረብክዎ ናይ ጥርዓነይ ሕቶ ክፍቀደለይ ዘሎኒ ዕድል ክንድምንታ እዩ ?

መብዛሕቲኦም ጸገማትን ዘተሓሳስቡ ነገራትን ኣብቲ ቤት ትምህርቲ መልሲ ኪረኽቡ ይኽእሉ እዮም ዚብል ትጽቢት ኣሎ። ንምቕያር ዕድል ዘለዎም ካብ መጠን ንላዕሊ ንዘተሓሳስቡ ነገራት እዮም ። እቲ ዝደልይዎ ትምህርቲ ዓይነት ምእንቲ ኪረኽቡ፣ ወይ ንትራንስፖርት ስለዝጥዕም ተባሂሎም ዝቐርቡ ናይ ምቕያር ጥርዓናት ተቐባልነት የብሎምን። ሓደ ሓደ ብጣዕሚ ዘገድዱ ነገራት እንተዘይኮይኖም እቶም ቤተሰብ ኪገብርዎ ዝግብኦም ሓላፍነት ምእንቲ ኪፎኽሰሎም ንኣብነት ሓለዋ ቆልዑት፣ድሕሪ ትምህርቲ ዝግበሩ ምንቅስቃሳት፣ምስ ቤት ትምህርቲ ርክብ ዜብሎም ቆጸራታት ፣ ናይ ቤተሰብ ኣባላት ጥዕና ብዝኣመሰሉ  ምኽንያት ዝቐርቡ ናይ ምቕያር ጥርዓናት ተቐባልነት የብሎምን።

## ንምቕያር ዝቐረቡ ናይ ጥርዓን ሕቶታት መልሲ ኪረኽቡ ክንደይ ጊዜ ይወስድ?

ከምቲ ኩነታቱ ኪፈላለይ ይኽእል። መብዛሕቲኡ ጊዜ እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ጉዳይ ኣጻርዩ ናብቲ ማእከላይ ምምሕድዳር ቤት ጽሕፈት ቅድሚ ምልኣኹ ፍታሕ ንምርካብ ጻዕሪ ይገብር እዩ። ብዛዕባ እቲ ዘቕረብኩሞ ጥርዓን ዘተሓሳስበኩም ጉዳያት ምስዝተዛራረብኩሙሉ እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣመሓዳሪ ብዝያዳ ክንደምንታይ ጊዜ ክወስድ ከምዝኽእል ክሕብረኩም ይኽእል/ትኽእል እዩ/ያ።

## ብዛዕባ እቲ ውሳነ ከምይ ገይረ እየ ዝፈልጥ ?

ናይ ጥርዓን ውሳነታት መብዛሕቲኡ ጊዜ ንወለዲ/መጉዚት ብፖስታ እዩ ዝለኣኽ። ሓደ ሓደ እዋን ድማ ብዛዕባ ምደባ ዘሎ ኣማራጽታት(ናይ ቤት ትምህርቲ ምርጫ፣ዝጅመረሉ መዓልቲ ወዘተ) ንምዝርራብ እቶም ኣብ ማእከላይ ምምሕድዳር ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ቅድሚ እቲ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ደዊሎም ከዘራርብኹም ይኽእሉ እዮም።

## እቲ ናይ ጥርዓን ሕቶይ እንተዘይተፈቒዱ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ?

ናይ ምቕያር ጥርዓን ውሳነ እቲ ናይ መወዳእታ ውሳነ እዩ። ነገር ግን ወለዲ/መጉዚት ሓድሽ ሓበሬታታት ብምቕራብ ነቲ ጉዳይ ከምብሓድሽ ክረኣዮሎም እቲ ጥርዓኖም ከምእንደገና ኪኽፈተሎም ኪሓቱ ይኽእሉ እዮም።